ቀ

ሲ

ን ኪ

ሕ ደ ሪ

እቲ ሓላል ገንሸል ፡ ኣብ እቲ
ሓዊ ማእከል ፡ ናጽነት ከረክብ
ናጽነት ተረኪቡ ከውሕስ ፡ ንሕድሪ
ዝሓዝል፡ ብሽመይ ይኽፈል ብሽመይ?

ሳላ መን ኢና ብርሃን ኣብ ድቕድቕ
ጸልማት ርእይና ፡ ትንፋስ ኣብ ኣፍ
ሞት ዘሪእና ፡ ሳላ'ቲ ፋኑስ ፡ ሳላ'ቲ
ቀንዴል፡ ሳላ'ቲ ሓላል፡ሳላ'ቲ ገንሸል።

ንኽስዋእ ዝብህግ ፡ ነብሱ ኣትሒቱ
ብጾቱ ዘማዕርግ፡ ንቑቡእ ህዝቢ ኣብ
ጎልጎል ዝዓርድ፡ ዘይረአ ህያው ኢዩ፡
ኣብ ልብና ሓመድ ለቢሱ ዝነግድ።

ስጉምኻ እሙን ጅግንነት ፡ ዘብዘብካ
ባና ዓወት፡ ጉያኻ ንብርሃን ድፉናት
ሳላ ዝነበረ ፡ እዳሃየካ ኣለኹ ዘኪረ
ከተግብሮ ሕድሮኻ ሓደ ኢለ ጀሚረ።

ትንፋስ ኮይንካ ህይወት፡መትኒ ኮይንካ
ነባሪ ጸጋ፡ ደሃይካዩ ደሃይና፡ሓላፍነትና
ክሕደስ ፡ ቅሰን ሕድሪ ዝነግር ገዲፍካ
ቅሰን ሕድሪ ወሪሱ ዝዕቅብ ሂቡካ።

ሃገር ኣውሒሱ ብደሙ ናብኻ ዝስጉም
እቲ ዘይትፈልጦ ሕንሳስ ልደ ገዛኹም
ምልክተ ኣለዎ ሕድርኻ ዝዓቀበ
ከምዝዘንብ ዝፈልጥ ደበና ከይሰረበ።

ዓቕሚ የብላን ብርዐይ ፈልፈላ ከተዛሪ
ሓሳብ ናይ ኣእምሮይ፡ ደኾን ምቐለላ
ምርጋእ፡ ጥብ ክትብል ቃላት ከይትደፍእ
ንሓደ ኣድሚቓ ኻልእ ደፊና ከይተጥፍእ።

ብዝደለኽዮ ክንቅይር ኢና ቃል ናብ ግብሪ
አንቲ ሓላል መሬት ቀሲንኪ ሕደሪ።

*ዘልኣማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*
*ኣሳምነው ገብረኣምላኽ*